# ሓበሬታ ብዛዕባ ኮረናቫይረስ

DIE JOHANNITER

## 1. ኮረናቫይረስ ብከመይ ክሕዘካ ይኽእል፧

እቲ ቫይረስ ካብ ሰብ ናብ ሰብ ይሓልፍ። እዚ ዘጋጥም፡ ንኣብነት፡ ኣብ ጥቓ ሰብ ኮይንካ ብምስዓል፡ ምዝራብ፡ ወይ ኢድ ብምጭብባጥ እዩ።

## 2. እቲ ቫይረስ ከምዘለካ ብኸመይ ትፈልጥ፧

እንተድኣ ኮረናቫይረስ ኣለካ ኾይኑ፡ ንኣብነት፡ ሰዓል፡ ጸረርታ ኣፍንጫ፡ ቃንዛ ጎረሮ፡ ከምኡ ድማ ረስኒ ክህልወካ ይኽእል። ምስ ፍሉ ኣዝዩ ተመሳሳሊ እዩ። ገሊኦም ሰባት ውጽኣት ክሕዞም’ውን ይኽእል። ገሊኦም ተሓከምቲ ካብ ካልኦት ዝበኣሱ እዮም፣ ናይ ምስትንፋስ ጸገማት ወይ ኒሞንያ ክህልዎም ይኽእል።

እንተድኣ እቲ ቫይረስ ኣለካ ኾይኑ፡ እቶም ምልክታት ሕማም ንኽቕልቀሉ 14 መዓልታት ክወስድ ይኽእል።

## 3. ኮረነቫይረስ ስለምንታይ እዩ ሓደገኛ፧

ኣብ መብዛሕትኦም ሰባት፡ ኮረናቫይረስ ፎኪስ እዩ። ይኹን እምበር፡ ኣብ ከባቢ 15 ሚእታዊት ናይቶም ዝተለኽፉ ከቢድ እዩ፣ ንሳቶም ናይ ምስትንፋስ ጸገምን ኒሞንያን ኣለዎም። ክሳብ ሕጂ፡ እቲ ቫይረስ ንኣረጋውያንን ኣቐዲሞም ሓሚሞም ንዝነብሩን ሰባት እዩ ብቐንዱ ክቐትል ጸኒሑ።

## 4. ናይ ሕማም ምልክታት እንተልዮምኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧

እንተድኣ ረስኒ፡ ሰዓል ወይ ሕጽረት ምስትንፋስ ኣለካ ኾይኑ፡ ከምኡ ድማ ኣብ ድሮ ናይ ቫይረስ ረክሲ ዘለዎም ሰባት ዘለውዎ ከባቢ ትነብር ኮይንካ፡ ዶክተር ክትጽውዕን ቆጸራ ክትሕዝን ኣለካ።

እቶም ረስኒ፡ ሰዓል፡ ወይ ሕጽረት ምስትንፋስ ዘለዎም ሰባት ብዝተኻእለ መጠን ምስ ካልእ ሰብ ርክብ ከውግዱ ኣለዎም። እንተውሓደ 1.5 ክሳብ 2 ሜትሮ ርሕቀት ካብ ካልእ ሰባት ክትሕሉ ኣለካ።

እንተድኣ ዝክኣል ኮይኑ፡ ካብ ገዛካ ወይ ክፍልኻ ኣይትውጻእ። ናብ ግንቦ ኢድካ፡ ወይ ናብ ሶፍት ወረቐት ስዓልን ህንጥሽው በልን፡ ብድሕሪኡ ነቲ ሶፍት ብኡ ንብኡ ናብ መጎሓፊ ደርብዮ። ኣእዳውካ ብተደጋጋምን ኣዐሪኻን ተሓጸብ (ብፍላይ ድሕሪ ምጥቃም ሽቓቕን ቅድሚ ምድላው ምግብን)።

## 5. እንተድኣ ምስ ዝተለኽፈ ሰብ ርክብ ነይሩኒ እንታይ ክገብር ኣለኒ፧

እንተድኣ ኮረናቫይረስ ምስ ዘለዎ ሰብ ርክብ ጸኒሑካ፡ ኣብ ናብ ዶክተርካ ወይ ናብቲ [Gesundheitsamt] ኣብ መንበሪ ከባቢኻ ዘሎ ደውልን ሓብሮምን። እቲ መስመር ተሌፎን እንተድኣ ብዙሓት ሰባት ኣብ ሓደ ግዜ ይድውሉ ኣለዉ ኾይኖም ትሑዝ ክኸውን ይኽእል እዩ። ኣብ ከምዚ ኣጋጣሚ፡ ብኽብረትካ ናብቲ ፈደራላዊ ምኒስትሪ ጥዕና ደውል፡ 030 346 465 100። ንሳቶም ብቛንቛ ጀርመን ጥራይ እዮም ደገፍ ዝህቡ።

እንተድኣ ኣብ መቐበሊ ማእከልወይ ኣብ ናይ ሓባር መንበሪ ገዛ ትነብር ኮይንካ፡ ብቕልጡፍ ነቲ ምምሕዳር ናይ መሳለጥያ ወይ ነቶም ናይ ናብዮት ስታፍ/ሰራሕተኛታት ሓብር። ከምኡ’ውን፡ ንኣብነት፡ ኣብ ቤት-ትምህርትኻ፡ ናይ ቋንቋ ቤት-ትምህርትኻ፡ ኣብ ናይ ተልመዴነንነት ስራሕካ፡ ወይ ኣብ ቦታ ስራሕካ።